# ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ፣ ብቅኑዕ ኣገባብ ግበሮ!

ምኽሪ ንወለዲ ቆልዑ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ሒዞም ክዓብዩ ከለዉ።

**ቋንቋ** ንመሓዙት፣ ንሕብረት፣ ንቤት ትምህርቲ፣ ንፍልጠትን ጽባቐ ሂወትን **መፍትሕ እዩ።**

ውላድካ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ኖርሽክ ብእዋኑ ከምዝመሃር ግበር፣ እንተተኻኢሉ ካብ ሓደ ዓመት ዝመልእ ኣትሒዙ። ኣብ ገዛ ብቋንቋ ኣደ ተዘራረቡ!
ንምዕባለ ቆልዓ ኣገዳሲ ክኸውን እዩ!

**3.**
**ውላድካ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ቋንቋ ክመሃር ይኽእል ዶ፧**

እወ፣ ኣብ ዓለም ምሉእ ዘለዉ ቆልዑ ናይ ቋንቋ ጸገም ከየማዕበሉ ልዕሊ ክልተ ቋንቋ ይመሃሩ። ብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ቆልዑ ልክዕ ከም ካልኦት ቆልዑ እዮም ቋንቆኦም ዘማዕብሉ። ዘመናዊ ምርመራ ከምዘርእዮ ኣብ ግዜ ንእስነትና ቋንቋ ብዝሓሸን ብዝቐልጠፈን ኣገባብ ንመሃሮ(ቢኣሊስቶክ፣2001)፣ ከምኡውን ቆልዑ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ወይ ብዙሕ ቋንቋታት ክመሃሩ ከምዝኽእሉ። ዝበዝሑ ሰባት ክልተ ወይ ብዙሕ ቋንቋታት ይኽእሉ፣ እዚ ከኣ ንሕብረተሰብና ኣገዳሲ እዩ፣ ከምኡውን ነቲ ውልቀ ሰብ ንባዕሉ ዉን።

**4.**
**ቋንቋ ኣደን ኖርሽክን**

ነፍስወከፍ ቆልዓ ቋንቋኡ ብናቱ ናህሪ ከማዕብሎ ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። ቆልዑ ይፈላለዩ እዮም። ገሊኦም ቆልዑ ቀልጢፎም ሓድሽ ቋንቋ ይመሃሩ፣ ገሊኦም ከኣ ንገለ ግዜ ስቕ ኢሎም ኣብ ከባቢኦም እንታይ ይኸይድ ከምዘሎ ይዕዘቡ። እዚ ክሳብ ፍርቂ ዓመት ክጸንሕ ይኽእል፣ ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ ካብኡ ይነውሕ።
ቆልዑ ካብቲ ክገልጹዎ ዝኽእሉ ንላዕሊ ዝርድኡዎ ይበዝሕ። ምርመራ ከምዘርእዮ ቆልዑ ጎኒ ጎኑ ድልዱል ቋንቋ ኣደ እንተሃልዩዎም ካልኣይ ቋንቋ ብዝቐልጠፈ ይመሃሩዎ።(ካልኣይ ቋንቋ ኖርሽክ ይኸውን ኣሎ ኣብዚ)
**ወለዲ ክልተ ነንበይኑ ቋንቋ ኣደ እንተሃልዩዎም ኣየናይ ቋንቋ ክዛረቡ ኣለዎም፧**

ወለዲ ንውላዶም ቋንቋ ኣዲኦም ክዛረቡ ንመክር። ኣብታ ስድራቤት ክልተ ቋንቋ እንተደኣሃልዩ ኩሎም ቋንቋ ኣዲኦም ክዛረቡ እዩ ዝሓሸ። ሽዑ እቲ ቆልዓ እቲ ሓደ ቋንቋ ምስ ኣዲኡ የተሓሕዞ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ምስ ኣቦ የተሓሕዞ። ስድራቤት ክትእከብ ከላ እቲ ባህርያዊ ኮይኑ ዝስመዓኩም ቋንቋ ክትዛረቡ ትኽእሉ። ኣብ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ቋንቋታት ምትሕውዋስ ጽቡቕ ኣይኮነን።

5.
**ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝመሃሩ ቆልዑ እንታይ ዓይነት ትጽቢት ክህልወካ ኣሎዎ፧**
ቆልዓ ቀዳማይ ቃል ጌና ከይተማህረ ከሎ እዩ ምርድዳእ ዝጅምር። ስለዚ ቆልዓ ዋላ ብቓላት ኣይመልሰልካ ምስ ቆልዓ ክትዛረብ ኣገዳሲ እዩ። ከም ካልኦት ቆልዑ፣ ብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ቆልዑ ውን ናይ መጀመርታ ቃላቶም ከባቢ ሓደ ዓመት ምስ ኮኑ ክዛረቡ ይጅምሩ። ክልተ ዓመት ምስ መልኡ ከኣ መብዛሕትኦም ክልተ ቃላት ኣላጊቦም ሓደ ምሉእ ሓሳብ ይሃንጹ። እዚ ከምዚ ዓይነት ምዕባለ ቋንቋ ማዕረ እቶም ሓደ ቋንቋ ዝመሃሩ ቆልዑ እዮም።

ሓንሳብ ሓንሳብ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝዛረቡ ቆልዑ ሰዋስዉ ይሓዋውስዎ ወይ ካብ ክልቲኡ ቋንቋታት ኣብ ሓደ ምሉእሓሳብ ይሓዋውሱ። እዚ ንቡር እዩ፣ እቶም ቆልዑ ከኣ ጌና ክልቲኡ ቋንቋታት ኣብ ዘይፈላልዩሉ ደረጃ ስለዘይበጽሑ ክኸውን ይኽእል ጠንቁ፣ ወይ ድማ ኣብ ሓዲኡ ቋንቋታት ቃላት ስለዘይመጻሎም ክኸውን ይኽእል። በዚ ምኽንያት ቆልዑ ዘለዎም ውህሉል ቋንቋዊ ዓቕሚ ይጥቀሙሉ።

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝተፈላለየ ቋንቋታት ስለንጥቀም፣ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝዛረቡ ቆልዑ ኣብ ኣጸደህጻናት ዘጋጠሞም ነገራት ብሓደ ቋንቋ ይዛረቡሉ፣ ካልእ ነገራት ከኣ ብቋንቋ ኣዲኦም ይዛረቡሉ። ገሊኦም ምስ ወለዶም ብሓደ ቋንቋ ይዛረቡ፣ ምስ ኣዕሩኾም ከኣ ብካልእ ይዛረቡ።

ከም ግምታዊ መሐበሪ ክንጥቀመሉ ንኽእል፣ መዓልታዊ ትጥቀመሉ ቁንቋ ክትመሃሮ ከባቢ ክልተ ዓመት ይወስድ፣ ብትምህርቲ ትመሃሮ ቁንቋ ከኣ ካብ 5-7 ዓመት ይወስድ። ዋላ ከምኡ ንበል ደኣ እምበር፣ ቅልጣፈ ምምሃር ቋንቋ ካብ ውልቀ ሰብ ናብ ውልቀሰብ ብጣዕሚ እዩ ዝፈላለ።

**ሓድሽ ''ቋንቋ ብትምህርቲ'' ክትመሃሮ ካብ 5-7 ዓመት ይወስድ!**

**6.**
**እዞም ኣመራት ክንጥቀመሎም ከለና እንታይ ማለትና እዩ፧**

ቋንቋ ኣደ ኣብ ቤት ቆልዓ ዝዝረብ ቋንቋ እዩ፣ ብክልቲኦም ወለዲ ወይ ብሓዲኦም፣ ምስ ቆልዓ ክዘራረቡሉ ከለዉ። ስለዚ ሓደ ቆልዓ ካብ ሓደ ቋንቋኣደ ንላዕሊ ክህልዎ ይኽእል።

ካልኣይ ቋንቋ ከኣ እቲ ብጀካ ቋንቋ ኣዴኻ ትመሃሮ ቋንቋ እዩ። ቋንቋ ብዙሃን ከኣ እቲ መብዛሕትኦም ዝዛረብዎ ቋንቋ እዩ(ብዙሓት) ኣብቲ ሃገር።

ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝዛረቡ ክንብል ከለና ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዛረቡ ቋንቋታት እዩ። እዚ ማለት እቲ ቆልዓ ብጀካ ቋንቋ ኣዲኡ ካልእ ቋንቋ ይመልኽ ማለት እዩ።

7.
**ሓደ ቆልዓ ኣብ ምዕባለ ቋንቋኡ ብኸመይ ክትሕግዞ ትኽእል፧**

ሓደ ቆልዓ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ክመሃረሉ ዝኽእለሉ ብዙሕ ኣገባባት ኣሎ፣ ኣብዚ ገላ እማመታት እንሆለ፣

1. ቆልዓ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ክትዛረቦ ጀምር።
2. ኣብታ ስድራቤት ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ እንተሃልዩ ካብ መጀምርታ ኣትሒዝካ ክልተ ቋንቋታት ተጠቐም። ብዙሓት ቆልዑ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ክልተ ቋንቋታት ይመሃሩ እዮም።
3. ኣብ ገዛ ቋንቋ ኣደ ተጠቐም፣ ኣብ ኣጸደህጻናት ከኣ ኖርሽክ ክጥቀም ኣፍቅደሉ እቲ ቆልዓ።
4. ቆልዓ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ክልቲኡ ቋንቋታት ክጥቀመሉን ክሰምዖን ብዙሕ ዕድላት ሃቦ።
5. ዛንታታት ንገር፣ ደርፊ ድረፍ፣ ሕግታትን ብክልቲኡ ቋንቋታት ከኣ ኣንብበሉ ወይ በቲ ስድራቤት ኣብ ገዛ ትጥቅመሉ ቋንቋ።
6. ብክልቲኡ ቋንቋታት ሙዚቃ ስማዕ። ደርፊ ጽቡቕ ኣገባብ መምሃሪ ቋንቋ እዩ።
7. ቆልዓ ብክልቲኡ ቋንቋታት መደብ ቆልዑ ቲቪ ክርኢ ኣፍቅደሉ።
8. ቆልዓ ብዙሕ ተመኩሮታት ከምዝድልብ ግበር። ብዙሕ ቃላት ከምህሮ ይኽእል እዩ።